# ቆልዑ

**ኣብ ገዛ ዓመጽ ዘጋጥሞም ቆልዑ ሓገዝ ይደዩ።**

## ዘቤታዊ ዓመጽ ንቆልዑ ሳዕቤናት ኣለዎ

ቆልዑ ኣብ ገዛ ዘቤታዊ ዓመጽ ምስ ዘጋጥሞም፣ ኣብ ዕቤቶም ኣሉታዊ ጽልዋ ኣለዎ። እዚ ዝፍጸም ዋላ'ኳ እቶም ቆልዑ ቀጥታ ዒላማታት ናይቲ ዓመጽ እንተዘኮኑ እዩ።
ካልኦት ዝተፈለየ ምልኽታት ኣብ ዘርእይሉ፣ ሐደ ሓደ ቆልዑ ድምጺ ብዘይብሉ ይሳቀዩ። ንኣብነት፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጸገማት፣ ምጥልቃይ ዓራት፣ ሕማም ርእሲ፣ ናይ መግቢ ወይ ድቃስ ምዝንባዕ፣ ምስ ካልኦት ቆልዑ ኣብ ዝዋስእሉ ወይ ዓመጽ።

## እዚኦም ወኪላት ንቆልዑ ደገፍ ይህቡ

ማእከላት ምኽሪ ደገፍ ግዳይ (Opferhilfe) ዘቤታዊ ዓመጽ ኣብ ዘጋጥሞም ግዜ ቆልዑ ይመክር። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ደገፍ ግዳይ (Opferhilfe) ኣብዚ ይርከብ።
እቲ ኣገልግሎት ትምህርታዊ ምኽሪ ናይ ኣውራጃ በርን ኣብ ጥዕናዊ ዕቤቶም ቆልዑ ይድግፍ (Erziehungsberatung des Kantons Bern)። መንእሰያትን ቆልዑን ኣብኡ ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ፣ ንኣብነት ምስ ግርጭታት ስድራ።

## ቆልዑ እንታይ ክገብሩ ይኽእሉ?

ኣብ ገዛ ዓመጽ ዘጋጥሞም ቆልዑ ካብ ስድራ ወጻኢ ዝኾነ ገለ-ሰብ ብዛዕብኡ ክዛረቡ ይግባእ። ንኣብነት:- መምህራን፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት፣ የዕሩኽ ወለዲ ወይ ጎረባብቲ።
Pro Juventute ብቀትርን ለይትን ክድወለሎም ይኽእል። እቶም ፍሉያት ሰብ ሞያታቶም ብዛዕባ እቲ ዝርርብ ንዝኾነ ሰብ ኣይነግሩን እዮም። ግዳያት መፍትሒታት ክረኽቡ ይሰምዑን ይሕግዙን። ጻውዒት ናብ Pro Juventute ካብ ክፍሊት ናጻ እዮም። ደወልቲ ኣሽማቶም ክህቡ የብሎምን። ከምኡ'ዉን Pro Juventute ብጽሑፍ መልእኽቲ፣ ዕላል ወይ ኢሜይል ክትራኸቦም ትኽእል ኢኻ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-bern.ch/ti/haeusliche-gewalt/kinder